# ቅድመ ምድው ን ኮሎስኮፕን ጋስትሮስኮፕንን

ጋስትሮስኮፒ መርመራ መዓንጣ፡ ከስዐን መጀመርታ ዱዮዴነምን እዩ። ኮሎስኮፒ ንመሃንቱስን ዓቢ መዓንጣን ይምርምር።

ክልተ ዝተፈላለዩ ተዓጸጻፊ መሳርሒታት ይጥቀሙ፣ ነፍሲ ወከፎም ስእልን ፊልምን ክትስእል እትኽእል ካሜራ ዝተዓጠቑ እዮም። ብመንገዲ እቲ መሳርሒ ናሙና ቲሹ ክንወስድ ንኽእል ኢና። እዚ እንተተገይሩ ድማ ውጽኢት ንምርካብ ኣስታት 6–8 ሰሙን ይወስድ።

ቅድሚ መርመራኻ፡ መዓንጣኻ ብፍሉይ መጽረዪ መድሃኒት ክጽረግ እዩ። እዚ ምጽራይ ወይ ምሕጻብ እዚ እቲ መርመራ ብጽቡቕ ጽሬት ንኽፍጸም ኣገዳሲ ይገብሮ።

ቅድሚ መርመራኻ ክትገዝኦ ዘለካ መድሃኒት ምሕጻብ ፕለንቩን ቶይላክስን እዮም። እዚኦም ብዘይ ትእዛዝ ሓኪም ዝሸየጡ ኮይኖም ኣብ ዝኾነ ፋርማሲ ክትገዝእዎ ትኽእሉ ኢኹም። **ፕለንቩን ቶይላክስን ብኻልእ መድሃኒት ዝቕየሩ ኣይኮኑን።** ነዚ ሓበሬታ እዚ፡ ቅድሚ ናባና ምምጻእካ ቅድሚ ሓደ ሰሙን ኣንብቦ እሞ ብዝግባእ ተዳሎ።

**እቲ ምብጻሕ ብገምጋም ሓደ ሰዓት ይወስድ**

*ኣብቲ ክሊኒክ ኣብ ሓያሎ ክፍልታት ብሓንሳብ መርመራታት ስለዝካየድ መርመራ ዘድሊ ግዜ ንምግማት ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ቁሩብ ክትጸበ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ። በጃኹም ኣብ ጽቡቕ ግዜ ምምጻእኩም ኣይትረስዑ።*

## ናብ ገዛኻ ምኻድ

ምስቲ መርመራ ብዝተኣሳሰር መቕነሲ ቃንዛን/ወይ መደንዘዚን እንተድኣ ኣድልዩካ፡ ክሳብ ንጽባሒቱ መኪና ክትዝውር **ኣይትኽእልን** ኢኻ።
ስለዚ፡ ናብ ገዛኻ እትገብሮ ጉዕዞ ውጥን ግበር።

## ፕይስሜከር(ኣብ ውሽጢ ልቢ ትትከል ሓጋዚታ ንልቢ) ወይ ኣይሲዲ(መበገሲት-ስታርተር ናይ ልቢ) ኣለካ ድዩ?

ካብዚኦም እንተሃልዩካ ንክሊኒክ ጋስትሮኢንተርሎጂ ኣፍልጥ። ነዚ **ብመንገዲ 1177** ክትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም።
"Mag- och tarmmottagning Endoskopi Skövde" ወይ ድማ " Mag- och tarmmottagningen Endoskopin Lidköping " ዝብል ድለዩ እሞ ነዚ ከነስተብህል መልእኽቲ ስደዱ።

## መድሃኒት

ኣቓልቦ ክትገብሩሉ ንደልዮ ነገር፡ **ደም ዘቕጥን** መድሃኒት ትወስዱ እንተኾይንኩም፡ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ክትሓስቡን ክትውስኑን ከምዘድልየኩም ክትሓስቡ ንደሊ።

ኮሎስኮፒ ምግባር ምስ ሓደጋ ምፍሳስ ደም ዝተኣሳሰር ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ብመሰረት እዚ ኣብ ታሕቲ ተዋሂቡ ዘሎ መምርሒታት ደም ዘቕጥኑ መድሃኒት ካብ ምውሳድ ዕረፍቲ ክትወስዱ ንደሊ። ስለዚ፡ ናብቲ **ንደም ዘቕጥን** መድሃኒት ዝእዝዘልካ ሓላፍነት ዝስከም ክሊኒክ ደዊልካ ምኽሪ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ሓኪምካ ንምንታይ ዕረፍቲ ከምዘድሊ ርግጸኛ ዘይኮንካ ኮይኑ እንተተሰሚዕዎ ወይ ሕቶታት እንተሃልይዎ፡ ክረኽበና ወይ ድማ ነፍሲ ወከፍ ማእከል ጥዕና ዝረኸቦ መምርሒ ማሕበር ጋስትሮኢንተርሎጂ ሽወደን ክንብቡ ይኽእሉ እዮም።

**ቅድሚ ዕረፍቲ ምግባርካ ወይ ደው ምባልካ ምስቲ ንደም ዘቕጥን መድሃኒታት ዝገብር ሓላፍነት ዝስከም ሰብ ምርኻብን ስምምዕን ክግበር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።**

| **ደም ዘቕጥኑ መድሃኒት:** | **ከምዚ ዝስዕብ ክትገብር የድልየካ:** |
|---|---|
| መቕጠኒ ደም፡ **ንኣብነት፡ Xarelto(ጸረልቶ), Pradaxa(ፐራዳክሳ)ን Eliquis(ኢሊኲስ)ን** | **48 ሰዓታት ቅድሚ መርመራን ኣብ መዓልቱን ደው ኣብል።**<br>(ንኣብነት መዓልቲ መርመራ ሶኒ እንተ ኾይኑ፡ ደም ዘቕጥን መድሃኒት ቀዳም፡ ሰንበት ወይ ሰኑይ ኣይትውሰዱ) |
| መቕጠኒ ደም፡ **Waran(ዋራን)**<br>**ናይ P:K (ናይ ደም) መርመራ ክትገብሩ ቅድሚ ቆጸራኹም ሓደ ሰዓት ኣቐዲምኩም ምጽኡ።** | **5 መዓልታት ቅድሚ መርመራን ኣብ መዓልቱን ደው ኣብል።**<br>(ንኣብነት መዓልቲ መርመራ ሶኒ እንተ ኾይኑ፡ ካብ ሓሙስ ቅድሚ ሰሙን ጀሚርካ ደም መቕጠኒ ማድሃኒት ኣይትውሰድ) |
| መቕጠኒ ደም፡ **ንኣብነት Clopidrogel(ክሎፒድሮጎል), Plavix(ፕላቪክስ), Grepid(ግረፒድ), Prasgruel(ግራስግሩል), Brilique(ብሪሊኪ)** | **7 መዓልታት ቅድሚ መርመራን ኣብ መዓልትን ደው ምባል።**<br>(ንኣብነት መዓልቲ መርመራ ሶኒ እንተ ኾይኑ፡ ካብ ሶኒ ጀሚርካ ቅድሚ መርመራ ኣብ ዘሎ ሰሙን ጀሚርካ ደም መቕጠኒ መድሃኒት ኣይትውሰድ) |
| መቕጠኒ ደም፡ **Trombyl(ትሮምቢል) ከምኡ ድማ Persantin(ፐርሳንቲን)** | ከምቲ ልሙድ ብዘይ ምቁራጽ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ |

| **ካልኦት መድሃኒታት:** | **ከምዚ ዝስዕብ ክትገብር የድልየካ:** |
|---|---|
| **ከኒና ሓጺን** | ቅድሚ መርመራኻ ንሓደ **ሰሙን ዕረፍቲ ውሰድ።** |
| **ንሕማም ሽኮር ዝኸውን ሕክምና ኢንሱሊን ወይ ከኒና** | ምኽርን ክኸውን ዝኽእል ምትዕርራይ መድሃኒትን ንምርካብ ቅድሚ መርመራኻ ኣጸቢቑ ምስ ነርስ ሕማም ሽኮርካ **ተራኸብ።** |
| **ቀልቀል ብቐሊሉ ዘውጽእ መድሃኒት ከም** Inolaxol(ኢኖላክሶል)ን lunelax(ሉናላክስ)ን | ቅድሚ መርመራኹም **እንተወሓደ ን3 መዓልቲ ዕረፍቲ ውሰዱ።** |
| **ካልኦት መድሃኒታት** ከም መድሃኒት ጸቕጢ ደም፡ ጸረ-ጭንቀት ወዘተ። | **ከምቲ ልሙድ ክትቅጽል ትኽእል** ኢኻ። |

# ቅድሚ መርመራ ዘሎ ሓደ ሰሙን ክትሓስበሉ ዝግባኣካ!

### መግብን ዝስተን

ቅድሚ መርመራኻ ሸውዓተ መዓልቲ ካብ **ቆርበትን ዘለዎምን ዘርእን ክትቁጠብ ኣለካ።** ብዝተኻእለ መጠን



ዝበለጸ መርመራ ክንገብር ከም እንኽእል ንምርግጋጽ፡ ካብዚ ዝስዕብ **ክትቁጠቡ** ንሓትት፤

- ልዑል ጽሕጊ ዘለዎም መግብታት፡ ከም **ሓመዳዊ ባኒ፡** ሙስሊ፡ ሽሮ፡ ስርናይ ብራንን ፍላክስሲድን ዝኣመሰሉ።
- ከም ኪዊ፡ ፍረታት ሲትረስ፡ ራስቤሪን ወይንን ዝኣመሰሉ ፍረታት (ዘርኢ ዝሓዙ)።
- ረሳሕ ቆርበት ወይ ዘርኢ ዘለዎም ኣሕምልቲ፡ ከም ኮሚደረ፡ ፋጁል፡ ኣውሊዕ፡ ቆሎ፡ ቱፋሕን ሽጉርትን ኣስፓራጉስን ዝኣመሰሉ።
- ፍረታትን ኪኖኣን።

እንተዘይኮይኑ ክሳብ 2 መዓልቲ ቅድሚ መርመራ ከምቲ ንቡር ክትበልዕ ትኽእል ኢኻ። ስጋ፡ ደርሆ፡ ዓሳ፡ ሾርባ፡ ድንሽ፡ ፓስታ፡ ሩዝ (ምሉእ እኽሊ ዘይኮነ) ከምኡ'ውን ዝተቖርጹን ጽቡቕ ዝበሰለን ሱር ኣሕምልቲ ዝኾኑ ኣሕምልትን ምብላዕ ፍጹም ጽቡቕ እዩ።

መዓንጣታት ጽሬት ምግባር ብሰንኪ ተረፍ ትሕዝቶ መዓንጣ ዝኾነ ነገር ኣብ ዘይብሉ ጽቡቕ መርመራ ናይ ምግባር ዕድል ይውስኽ።

### መለስለሲ መዓንጣ

ብተሪር ሕማም ከብዲ/ሕማም ድርቀት ትሳቐ እንተኾንካ፡ ቅድሚ ምድላው መሕጸቢ መዓንጣ 5 መዓልቲ፡ መለስለሲ መዓንጣ (ንኣብነት ሞቪኮል) ምጥቃም ጽቡቕ ሓሳብ እዩ።

ብሞቪኮል እንተተሓኪምካ/ክትሕከም ከለኻ ተወሳኺ ፈሳሲ ምውሳድካ ኣረጋግጽ፣ እንተተኻኢሉ መዓልታዊ ካብ 4–5 ተወሳኺ ብርጭቆ ስተ።

# ቅድሚ መርመራ 2 መዓልቲ






ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ ፈሳሲ መግቢ **ብዘይ ዝኾነ ቁራጽ ተረፍመረፍ** ጥራይ ኢኻ ክትበልዕ ዝፍቀደካ፡

ምኽርታት ንፈሳሲ መግቢ፤

- ልሙጽ ሾርባታት፡ ጸባ፡ ፊል፡ ጣፍ፡ ኳርክ።
- ጽማቕ ብዘይ ተረፍመረፍ፡ መስተ ፍረታት፡ ሾርባ ጽማቕ፡ ጽሩይ ሾርባ ፍሩታ ናይ ባኮ።
- ልሙጽ ናይ ፍረታት ክሬም፡ ኣይስክሪም ብዘይ ጥርምረ ተረፍመረፍ።
- ስሙቲ - ልሙጽ ዝስተ፡ መኣዛዊ መስተታት፡ ፕሮቲን ዘለዎ ቶይላክስ

### ቶይላክስ

ሎሚ ቅድሚ መርመራኻ ኣብ ፋርማሲካ ዝገዛእካዮ ቶይላክስ ጽማቕ ክትወስዶ ክትጅምር ኢኻ።

| **ቶይላክስ** | **2 መዓልታት ቅድሚ መርመራኻ** |
|---|---|
| ሰዓት. 10.00 | 2 ቶይላክስ 5 ሚ.ግ ከኒናታት ውሰድ |
| ሰዓት. 20.00 | 2 ቶይላክስ 5 ሚ.ግ ከኒናታት ውሰድ |

እቲ ኣብቲ ዕሹግ ዝተኻተተ ናይ መሃንቱስ መጠቀሚታት ቅድሚ መርመራኻ ክትጥቀመሉ

**የብልካን፤** ክትድርብዮ ትኽእል ኢኻ።

# ቅድሚ መርመራ ኣብ ዘሎ መዓልቲ

## ሎሚ ንጹር (ሕርኽራኽ ዘይብሉ) መስተ ጥራይ ክትሰቲ ይፍቀደልካ!

ንንጹር መስተታት ዝሕግዙ ምኽርታት፤

- ማይ፡ ጸዓት ዝህቡ መስተታት፡ ጽማቕ (ካብ ቀይሕ ጽማቕ(ሳፍት) ምውጋድ)፡
- መረቕ ብዘይ ቁራጽምራጽ ጽማቕ ኣፐልን፣ ማይ መዓር
- ቡንን ሻሂን ብዘይ ጸባ።
- ንጹህ መኣዛዊ መስተታት (ኣብ ፋርማሲ ይርከብ)፣ ፈሳሲ ዝትክእ ዝብጽብጽ

መስተኻ ኣብሉ ምስ ኣፍሰስካዮ ነቲ ብርጭቆ ክትጥምት ክትክእል ከም ዘለካ ኣይትረስዕ፣ ድሕሪኡ ከም ንጹህ መስተ ይምደብ። ስለዚ ከም ኮላን ሾርባ (ኒፖን ሶፓ) ዝኣመሰሉ ነገራት ምውጋድ። ንሓደጋ ሕማም ርእሲ ንምንካይ ሽኮር/መዓር ክትውስኹ ናጻ ትኾኑ።

**ምሸት ነቲ ኣብ ፋርማሲኻ ዝገዝእካዮ ፕለንቩ ጀምሮ**

**ሰዓት 18:30** ድሕሪ ቀትሪ ፕለንቩ ዶዝ 1 ኣብ 0.5 ሊትሮ ዝሑል ማይ ምሕዋስ። ንሓዋውሶ እሞ ኩሉ ክሳብ ዝሓቅቕ ንጽበ።

**ሰዓት 19:00 – 20:00 ድሕሪ ቀትሪ** ብርጭቆ ማይ/ንጹር መስተ ስተ፡ ድሕሪኡ ፕለንቩ ምስታይ ጀምር።

**ን60 ደቓይቕ ብማዕረ እንተተዘርጊሑ፡** 0.5 ሊትሮ ፕለንቩን **እንተወሓደ 0.5 ሊትሮ ንጹህ መስተን ክትሰቲ ይግባእ**። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካልኣይቲ ብርጭቆ(ሓንቲ ፕለንቩ ሓንቲ ንጹህ ዝስተ እናቐያየርካ) ፕለንቩን ነፍሲ ወከፍ ካልእ ብርጭቆ ንጹር መስተን ስተ። ፕለንቩ ኣብ ውሽጢ 1–2 ሰዓታት ስራሕ ይጅምር እዩ እሞ ኣብ ጥቓ ሽቓቕ ክትህሉ ይግባእ።

# መዓልቲ መርመራ

ፕለንቩ ዶዝ 2 (ኣስተውዕል! ክልተ ዶስ) ኣብ 0.5 ሊትሮ ዝሑል ማይ ምሕዋስ። ቅድሚ ፕለንቩ ምስታይ ምጅማርካ ብርጭቆ ማይ ስተ። ሎሚ ቡን ክትሰቲ **ኣይፍቀደልካን** እዩ። ንጹር ዝስተ ምስታይ ቀጽል።

**ቅድሚ እቲ ዝሓዝካዮ ቆጸራኻ 5 ሰዓታት** (እቲ ሰሌዳ ከመርሓካ እዩ) 0.5 ሊትሮ **ፕለንቩ ዶዝ 2** እንተወሓደ 0.5 ሊትሮ ንጹር (ሕርኽራኽ ዘይብሉ) መስተን ክትሰቲ ኣለካ። ነፍሲ ወከፍ ካልእ ብርጭቆ ፕለንቩን ነፍሲ ወከፍ ካልእ ብርጭቆ ንጹር መስተን **ኣብ ውሽጢ 60 ደቓይቕ ብማዕረ ግዜ ዝተዘርግሔ** ስተ። ቀስ ኢልካ ምስታይ ኣይትረስዕ። ኣብ መንን መስተታት ክትመጥጦ እትኽእል ናይ ጎሮሮ ሎዘንጅ ክህልወካ ይምከር።

ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሰሌዳ፡ ኣብቲ ክሊኒክ ዝሓዝካዮ ግዜ ተመርኲስካ፡ ንመሕጸቢኻ ብኸመይ ክትውጥን ከም ዘለካ ዘርኢ እዩ። እዚኦም ግምታዊ ሰዓታት ምዃኖምን ካብቲ ዝሓዝኩሞ ቆጸራ ዝቐረበ ሰዓት ክትጅምሩ ከም እትኽእሉን ኣስተውዕሉ። እቲ ሕጊ፡ እቲ ናይ መወዳእታ ዶዝ ቅድሚ ናይ መርመራ ግዜ ካብ 5 ሰዓታት ዘይውሕድ ክትጅምሮን ቅድሚ ናይ መርመራ ሰዓት 4 ሰዓታት ክትውድኦን እዩ። **ከብድኻ ባዶ ምዃኑ ንምርግጋጽ ቅድሚ መርመራ ን4 ሰዓታት ምሉእ ብምሉእ ክትጸውም ኣለካ።**

| ናይ መርመራ ግዜ | ዶስ 1 - ናይ ምስታይ ግዜ<br>ቅድሚ እቲ መርመራ | ዶስ 2 - ናይ ምስታይ ግዜ<br>ቅድሚ እቲ መርመራ |
|---|---|---|
| ሰዓት. 08.00 | ሰዓት. 19.00 | ሰዓት. 03.00 |
| ሰዓት. 09.00 | ሰዓት. 19.00 | ሰዓት. 04.00 |
| ሰዓት. 10.00 | ሰዓት. 19.00 | ሰዓት. 05.00 |
| ሰዓት. 12.00 | ሰዓት. 19.00 | ሰዓት. 07.00 |
| ሰዓት. 13.00 | ሰዓት. 19.00 | ሰዓት. 08.00 |
| ሰዓት. 14.00 | ሰዓት. 19.00 | ሰዓት. 09.00 |

## ንመሕጸቢ ንአስቶሚ(መውጽኢ ኖኻል ካብ ከብዲ) ዝኸውን መድሃኒት

ስቶማ እንተሃልዩካ፡ ቅድሚ መድሃኒት ምሕጻብ ምጅማርካ ምስ ሓኪም አስቶሚ ክትረኽቦ ይምከር። ብድሕሪኡ ምኽሪ ክህቡኻን ኣብ ባዶ ዝኾኑ ናይ አስቶሚ ቦርሳታት ክሕግዙኻን ይኽእሉ።

### ፊልም ብዛዕባ መሕጸቢ መድሃኒት ብ ፕለንቩ

ብኽብረትኩም ነቲ QR ኮድ ብሞባይል ካሜራኹም ስካን ግበሩ ወይ ድማ ናብ www.medicininstruktioner.se/norgine/plenvu/ ብምእታው ከመይ ጌርካ ነቲ መሕጸቢ ምሕዋስ ከም እትሕውሶ ርኣዩ። ንናይ ምሸት/ንግሆ ዝተመቐለ ዶዝ መደብ ዶዝ ተኸተል። **ኣብዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሰሌዳ ዘሎ ሰዓታትን ካልእ ኣብዛ ንእሽቶ መጽሓፍ ዘሎ መምርሒታትን ክትክተል ኣገዳሲ እዩ።**

## ናይ ግዜ መደብ

***ቅድሚ 7 መዓልቲ***

*ብዛዕባ ኣመጋግባኻ ሕሰብ!*
*ልዑል ጽሕጊ ዘለዎም መግብታት ኣወግድ።*

*ዕለተይ፤*

**ቅድሚ 2 መዓልቲ**

*መሕጸቢ ጀምር!*

**ፈሳሲ መግቢ ጥራይ**

***ቶይክስ*** *ውሰድ*

*ሰዓት፡ 10:00 ከምኡ ድማ ሰዓት: 20:00*

*ዕለተይ:*

***ቅድሚ መርመራ ኣብ ዘሎ መዓልቲ!***

***ንጹህ መስተ ጥራይ ስተ።***

*ብፕለንቩ ዶስ 1 ጀምር።*

*ሰዓት፡ 19:00*

*ዕለተይ፤*

**ዕለተ መርመራ!**

***ብውሕዱ ምስ ንጹህ መስተታት ጥራይ።***
***ብውሑዱ 4 ሰዓታት ቅድሚ መርመራኻ ጾም ጀምር።***

*ዕለተይ፡*

***ብመሰረት ኣብ ገጽ 4 ዘሎ ሰሌዳ ፕለንቩ ዶዝ 2 ጀምር።***

**ቆጸራኹም ዳግማይ መደብ ግበሩ ወይ ስርዙ**

ቆጸራኻ ዳግማይ ክትሰርዕ ወይ ክትስርዞ እንተድኣ ኣድሊዩካ፡ እዚ ብመንገዲ www.1177.se ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ። "Mag- och tarmmottagning Endoskopi Skövde" ወይ "Mag- och tarmmottagningen Endoskopin Lidköping" ዝብል ድለዩ እሞ ነዚ ክነስተብህል መልእኽቲ ስደዱ።

1177 e-tjänster

ናብ 1177 ክትኣትዉ እንተዘይክኢልኩም፣ ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት ኣብታ መላሲት ማሽን መልእኽቲ ክትገድፉ እውን ትኽእሉ ኢኹም።

**ቆጸራኹም** ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ **ዳግማይ ክትገብሩ ወይ**

**ክትስርዙ** ንምሕጸን፣

**ቅድሚ መርመራኻ ካብ 3 መዓልቲ ዘይውሕድ እንተኾይኑ ይምረጽ።**

ቅድሚ እቲ መደብ ዝተገብረሉ ምብጻሕ ካብ 24 ሰዓታት ከይወሓደ **ከይሓበርኩምና** እንተዘይተረኺብኩም፡ ናይ ሕሙም **ክፍሊት ይኽፈል።**

ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ርኸቡና!

## መጠቓለሊ

- **ቅድሚ እቲ ናይ መርመራ ግዜ፡ መሕጸቢ ዝኸውን መድሃኒታት ቀልጢፍካ ግዛእ።**
- ነቲ ናይ ምሕጻብ መምርሒታት ተኸተል። እቲ መምርሒታት እንተዘይተኸቲልካ፡ ነቲ መርመራ ክትደግሞ ናይ ምግዳድ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።
- ናባና ቅድሚ ምምጻእካ ዘሎ 7 መዓልቲ ካብ ዘርእን ጽሕግን ምምጋብ ተቖጠብ።
- ምስቲ መርመራ ብዝተኣሳሰር መድሃኒት እንተተቐቢልካ፡ ክሳብ ንጽባሒቱ መኪና ክትዝውር ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለዚ ናብ ገዛኻ ከመይ ኢልካ ትምለስ ክትውጥን ኣይትረስዕ።
- **መድሃኒታትካ ዳግም ርአ።** መድሃኒት ትወስደሉ ሊስታ ተማላኣዮ።
- **ሕክምና ዋራን (መቐጠኒ ደም)** እንተሃልዩካ፡ ቅድሚ እቲ ዝተመደበ ምብጻሕ 1 ሰዓት መጺእካ መርመራ ፒ.ኬ. (መርመራ ደም) ግበር።
- ብዛዕባ መሕጸቢ ዝገልጽ ፊልም ክትከታተሉ ንምሕጸን።